



# ውጩ በርበረ!

ዉጩ ኢሉካ በርበረ
ዓርከኻ መተዓቢትካ ዝነበረ
በርበረ ናይ በሓቂ በርበረ
ንጸላኢ ህዝብና ዝመረረ
ትምክሕቲ ኣምሓራ ዝሰበረ
ገጽ ሰበርቲ ሽሓኒ ዝቐየረ
ከዳሚ ወያነ ዘሕረረ
ብሕፍረት ብስዕረት ዘኮማተረ
ምልሓሶም ትንሓጎም ዘነዘረ
ዝባላዕ ዘቃጽል ዘነደረ
ኣእዛንካ ዝባላዕ ዘደንቆረ
የዒንቲ ዘንብዕ ዘጸረረ
ኣጻብዕቲ የእዳውካ ዘስመርመረ
ግንባር ዓሊቴና ዓሰብ ዝሰበረ
ሓመድ ድብ ናደው ዘበሰረ
ካብ ምህሮ ኣእምሮ ዘመስከረ

በቲ ሓደ ወገን ዘመቀረ
ንወገኑ ህዝቡ ዘበራበረ
መቀረት ሃገራውነት ዘመስከረ
ሕድሪ ሰማእታቱ ዘጎርጎረ
ቆፎ ሃገራውነት ዘበርበረ
ሙሉእ ንእስነቱ በጃ ዝገበረ
መሃሪ መዓዲ መሪሕ ዝነበረ
ትብዓት ብጻይነት ዘሰ’መረ
ምስ ጠላም ምስ ጥልቁይ ዘይሰመረ

ውጩ ኢሎምኻ ክምስሉ
ወትሩ ሓምላይ ኦም ዘፈር ቆጽሉ
ቁም ነገሩ ብዙሕ ብጥቕልሉ
መዕቀቢ ሓመድ ሰራውር ተኸሉ
ሕድሪ ስውኣቱ ኣብ መትከሉ
መኸልከሊ ንፋስ ኣቑጽልቱ
ኣላይ መኻሪ መጋድልቱ
መእጎዲ ሓዊ ዕንጨይቱ
ጠያይቲ ዓረር ኩሉ ኣካላቱ
ንጣውላ ሞራለ ዘገልግል ፍጥረቱ
ዓንድ ማእከል ግንባር ሕመረቱ

ሕጂ ካብ መርጸ መገሻ ዕረፍቱ
ምዕባለ ኤርትራ ንከዘንቱ
ናብቶም ዝሓለፉ መሳርሕቱ
መዋእል ዝመርሐም ብጾቱ
ሰማይ የዋርሶ ኣብ ገነቱ
ኣምላኽ ይቀበሎ ጊደ መስዋእቱ
ጽንዓት ይሃቦም መቓልስቱ የሕዋቱ
ኣውላዱ ስድርኡ በዓልት ቤቱ
ኣብነት ይኹኖም ነቶም ዝሸፈቱ
ሎሚ ይርኣይዎ ቲ’ክብረቱ
ከምቲ ዘቕሰነና ኣብ ህይወቱ
ወትሩ ይቕሰነልና ኣብ መንግስቱ

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና!
ወትሩ ዓወት ን’ሓፋሽ!

ኣማኑኤል ተስፋማርያም

ዝኽሪ ጅግና ሜጀር ጀነራል ገብረእግዝኣብሄር
ዓንደማርያም ዉጩ
ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ፡ መጋቢት 9 2014